## *(መጻዋዕታ ብውድብ ተሐኤ)*

*ደለይቲ ፍትሒ''ናይ ክልተ ኀራሕት ኣይንኹን መስርሒ''ድሕሪ መሪር ቃልሲ መሬት ምስ ወግሐ''ዘይስኒ ተቃውሞ ደንበዩ ንምልኪ ህግደፍ ዘሳጠሐ''መስዋእቲ ዋጋ ሓርነት'' መንእሰይ ይኸፍ ኣሎ ዋጋ''ተዓዘብቲ ኣይንኹን ላንጋ ላንጋ''ተዓዘቢ ምኺን ያኣክል''ደም መናእሰይ ከይከውን መሸቀጢ''ተቓወምቲ ገለ ቲፎዞ ጉጅለ ሓለምቲ''ከም ጉጅለ ህግደፍ ከይኸውን ተሐተቲ።*

*ሕጂዩ እዋኑ ንለውጢ*
*ናይ ድያስፖራ ጽልዋ*
*ክልሕም ንውሸጢ''*




*ደም ከፋሰሱ እንበር ህግደፍ ካብ ማዓስ ንመስከረም ይጽንብሉ''መልሐስ ጥራይ ኮና ተሪፍና ተቃውሞ ደንበ''ብዕላማ ክቃለስ ንድሕነት ዓደቦ''ንመንእሰይ ኣብ ሓደ ንኣክቦ'' ዋሕስ ልእላውነቱ ንሪሙ''ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ ይጸበሎ እንዳ ከፈለ ደሙ''ሕጂ ውን እቲ ከይደቀሰ ዘይሐድር ኣረሜናዊ ጉጅለ''ኣብ ምፍልላይና ከይተዓወተ''ኣብ ሓደ ኮፍ ኢልና ንዛተ።*

*እዚዩ ናይ ታሪኻዊት መስከረም መጻዋዕታ''ምስ ህዝብና ኮና ኣብ ባይታ''መንእሰይ ብነድሪ ተላዒሉ ከሎ'ንምስሌነታት ጭፍራ ህግደፍ ብሕጊ ምፍራስ''መደምደምታ ክንገብረሉ ሕድ ሕድ ደም ምፍሳስ''ኣብ ዲሞክራሲያዊት ኤርትራ ሐቢርና ክንሕጎስ''ንሐርነት ህዝቡ ደሙ ዝፈሰሰ''ኣብ መዝገብ ሐርበኛታት ክሰፍርዩ''ብኢሰያስ ዝምራሕ ፋሽሽታዊ ጉጅለ ህግደፍ ምስ ፈረሰ።*

*ጌጋ ቀዳሞት ብናይ ዘበና ኣንድነታዊያን ከይድገም''ህዝቢ ኤርትራ ብውዲት ዋጋ ዝኸፈሎ ያኣኽሎ''ኣስማት ሰልፍታት ውልቀ ሰባት እንዳ ለዋወጥካ''ካብ ራስ ቂሳር ክሳብ ራስ ዱሜራ''ብኤርትራዊያን ደቀባት ምሽቃጥ ያኣክል።*

*(መናእሰይ ኤርትራ ከይኮኑ ግዳይ)*

*ኣብ ዓዲ ሕጊ ሕጋውያን ንኹን*
*ኤርትራና ኣይኮነትን መኻን*
*ኣብ ባይታ ብስኒት ምውሳን''*

*ዓወት ነቲ ደም ዝኑብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ''ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰመእታትናን ንነጻነትን ንሓነት ንፍትሓዊ ኤርትራ ዘሰንከሉን''ኤረና ንለብዘበን እንበር ንዓመታስ ሸዊት ለምለም ሰዕረት ንኛንዳ ህግደፍ ኣገልገልቶምን''ንናይ ዘበና ኣንድነታውያንን''ብኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቅባዝጊ ካብ ሃገር ጀርመን ሸውዓተ መስከረም 2023።*